# ሓበሬታ ንወለዲ ንምንባብን ምትራኽን

ዝኸበርኩም ወለዲ፤

ብሕንሳብ ኮይንካ ምንባብን ታሪኽ ምግላጽን ንኹሎም ቆልዑ የደንቆም እዩ። ቆልዑ ዛንታ ክግለጸሎም ይፈትዉ እዮም። ክንበበሎም እከሎ ምስማዕን ምዝራብን ኢዩ ዝምህሮም። እዚ ተግባር ነቲ ናታቶም ስምዒት ንምግላጽ ክሕግዞም ይኽእል እዩ።

በዚ መጽሓፍ'ዚ ብሓንሳብ ምስ ስድራ ቤትኩም እቲ ዕለታዊ ተግባራት ኣብ ጀርመን ንኽትፈልጥዎን፣ እቶም ቀዳሞት ቃላት ጀርመን ክትረኽቢዎም ኢኹም። ንሕና ነቲ ብሓባር ምንባብን ምትራኽን፤ ንዓኹምን ንቤተሰብኩምን ብዙሕ ሓጎስ ንምነየልኩም ።




## እቲ ዕለታዊ ናብራ ናይ ጀርመን ብሓባር ኮይንካ ምፍላጥ።

ኣብ መጻወቲ ቆልዑ ወይ'ድማ ኣብ ዕዳጋ ክፍለጡ ዘለዎም እንታይ ኢዮም? ብዛዕባ እብ'ቲ "ንሕና የዕሩኽ ኢና" ዝብል መጽሐፍ ዘሎ ስእልታት፤ ምስ ደቂኹም ተዘራረቡ እኹም። እብቲ ስእሊ ትሪኡዎ ነገራት ቁጸሩዎ በዛዕባ'ቲ ስእልታት ሕተቱዎም። ብዛዕባ እቲ ሓድሽ ኣከባቢ፤ ማዕልታዊ ዘጋጥሙ ነገራት፤ ባዕሉ ብነብሱ ዝርርብ ክመጽእ ኢዩ።

## እቶም ቀዳሞት ናይ ጀርመን ቃላት፤ ብሐደ ኾይንካ ምርካብ።

ኣብ ነፍስወከፍ ድርብ~ገጽ ናይ'ቲ መጽሓፍ፤ ምስቲ ስእልታት ዝሰማምዑ ሓደ-ክልተ ናይ ጀርመን ቃላት ኾምኡውን እብ'ክቢ ዝአተወ QR-ኮድ ክትረኽቡ ኢኹም። ብሞባይል ቴሌፎን ጌርኩም ነቲ QR-ኮድ ምስ'ቀዳሕኩሞ፤ እቲ ቃላት ክንበበልኩም ኢዩ። ብኽምዚ መልክዕ ድማ ብሐባር ምስ ደቅኹም ኮይንኩም ነቶም ናይ መጀመሪያ ናይ ጀርመን ቃላት ብጸወታ~መልክዕ ክትረኽቡዎምን ኽትለማመዱን ትኽእሉ ኢኹም።

## ብሓባር ኮይንካ ምምባብን ዛንታታት ምትራኽን፤

ንኻልኦት ክተምብቡሎም እንከለኹም፤ ምስ ደቅኹም´ሓያል~ቅቾጻልነት ዘለዎ ግዜ ኢኹም ተሕልፉ። ምቅርራብ እውን ይፈጥረልኩም'ዩ። ውላድኩም ነዚ ግዜ'ዚ ምስ ብዙሕ ጽቡቕ ስምዒታት ከተሐሕዞ ኢዩ። ብዘይካ'ዚ እውን እብ'ዝቕጽል ግዜ ውላድኩም ባዕሉ፤ አጸቢቕካ ምንባብ ንኽማሃር ክሕግዞ ኢዩ። ብጀርመን ምንባብ ናይ ግድን አይኮነን። በቲ

እቲ ናይ ምንባብ ድርጅት "ምንባብ ንቅድሚት የሰጉመና" ዝብል መደብ'ዩ ዝበርሕ። ንደቂ ስደተኻታት ምንባብ~ምጅማር "ብትእዛዝ ናይ ፈደራል ሚኒስተር ንትምህርትን ምህዞን" ዝቐረበ'ዩ።

**ኣብ ምንባብን ምዕላልን፤ ብዙሕ ታሕጓስ ንምነየልኩም ።**

www.lesen-bringt-uns-weiter.de

Lesen bringt uns weiter.
Lesestart für Flüchtlingskinder

EINE INITIATIVE VOM
Bundesministerium für Bildung und Forschung

Stiftung Lesen